Constanze von Kitzing

# ናይ ሓንቲ መዓልቲ ውዕሎ ምስ ሶፍያ፣ ኤነስን ኣሚርን




LESESTART
weil uns LESEN weiterbringt


CARLSEN

# ንዑ ምሳና ተጻወቱ!

ሰላም እንቋዕ ደሓን መጻእኩም! መዓልታዊ ናብ ሓደ ፍሉይ ቦታ ንኸይድ፣ ኣብኡ ብዙሕ ዘዘናግዕ ነገራት ብሓባር ንገብር፣ ንሱ ናትና ሕብራዊ መውዓሊ ህጻናት እዩ። ሎሚ ካብ'ቲ መውዓሊ ህጻናት ምስ ዝመጹ ሰለስተ ቆልዑ ክትራኸቡ ኢኹም። ንሕና ሶፍያ፣ ኤነስን ኣሚርን ኢና! ሎሚ እንታይ ንገብር ከም ዘለና ርኣዩ።




እዚ ጉጅለ ፔንጊዩን ምስ ኩሎም ቆልዑን መምህራንናን እዩ።




ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገጽ ንእሽቶ ኣንጭዋ ተሓቢኣ ኣላ። ክትረኽብዋ ትኽእሉ'ዶ? እንተደሊኹም ካብቲ ናይ ጉጅለ ስእሊ ቆልዓ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ሎሚ እንታይ ት/ይገብር ኣሎ/ላ? ብዛዕባኡ ንገሩኒ። ናብ ሕብራዊ መውዓሊ ህጻናት ዝኸዳ ክልተ ካልኦት እንስሳታት ክትረኽቡ ትኽእሉ'ዶ? ሎሚ እንታይ ይገብሩ ኣለዉ?

## ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ በዓል ብዙሕ ሕብሪ እዩ!







ወለድና ንግሆንግሆ ናብቲ መውዓሊ ህጻናት የምጽኡና። ኣብ ጉጅለ ፔንጊዩን ኢና ድማ ዘለና። ሶፍያ ንኣቦኣ ብሓጎስ ኢዳ ተወዛውዘሉ ኣላ። ኣሚር ስሊፐሩ ብባዕሉ ይገብር ኣሎ። ኢነስ ስለምንታይ ይበኪ ኣሎ?

**ንገረኒ፡** ንስኻ እውን ናብ መውዓሊ ህጻናት ትኸይድ ዲኻ? ኣብኡ ዘለዉ ኣዕሩኽትኻ በዓል መን እዮም?



ስእሊ



እቲ ኬክ

እታ ፔንጉይን





እቲ መንበር



እቲ ፓዝል



እታ ሰማያዊት ሰዓት



እታ ደወል




ምንባብ




ኣብቲ ክፍሊ ጉጅለ ብዙሓት ነገራት ይፍጸሙ። ቁርሲ በሊዕና ንደርፍ። ንጻወትን ኣብ ስራሕቲ ኢደ ጥበብ ንነጥፍን። ስእሊ ንስእልን መጽሓፍቲ ድማ ነንብብን። ኤነስ ክዳኑ ይቕይር ኣሎ። ሶፍያ ፓዝል ትጻወት ኣላ። ኣሚር ንምንታይ እዩ ዘውዲ ዝደሊ ዘሎ?

**ንገረኒ፡**
ዚያዳ ብምንታይ ኢኻ ክትጻወት ትፈቱ?
ኣየነይቲ ደርፊ ክትደርፍ ትኽእል?



እቲ ሰማያዊ መንጸፍ



ምዝላል



ምጉያይ



እታ ኩዕሶ



ምሓዝ



እቲ ሳንዱቕ



ምድያብ




ኣብ ጂምናዝየም ኢና ስፖርት ንገብር። ክንድይብ፣ ክንሸራተት፣ ኩዕሶ ክንጻወትን ክንጎዩን ንኽእል ኢና። ናዲንን ኢሳቅን ክሪኡና እዮም። ኤነስ ብቕልጡፍ ይጎዩ ኣሎ። ኣሚር በቲ ዕንጸይቲ ኣቢሉ ይኸይድ ኣሎ። ሶፍያ ስለምንታይ እያ ክሳብ ክንድዚ ተሓጒሳ ዘላ?

**ንገረኒ፥**
ዝያዳ እትፈትዎ ስፖርት ኣየናይ እዩ?
ኩዕሶ ምጽዋት እውን ትፈቱ ዲኻ?


እቲ ዕለት ልደት


እቲ ሕንባሻ


እቲ ቀጠልያ ሰላጣ


ምግቢ ምኽሻን


ምጽራይ


እቶም
ኣቁሑት ክሽነ


እቲ ሸሓነ


ምብላዕ



ድሕሪ ምሳሕ ዕረፍቲ ንረክብ። ናብ ሽቓቕ ንኸይድ ድሕሪኡ ኣእዳውና ንሕጸብ። ገለ ቖልዑ ንሓጺር እዋን ይድቅሱ። ኤነስ ኣስናኑ ይብርሽ ኣሎ። ኣሚር ኣብ መደያይቦ ኮፍ ኢሉ ኣሎ። ሶፍያ ናበይ እያ ትጎዪ ዘላ?




**ንገረኒ፥**
እቲ ዝበለጸ ሕልሚ ዝሓለምካዮ እንታይ እዩ?
ድሕሪ ምሳሕ እንታይ ትገብሩ?


ድሕሪ ቀትሪ ኩሎም ቆልዑ ናብ መጻወቲ ቦታ ይወጹ። ኣብኡ ድማ ኣብ ሑጻ ደይብና ክንጻወት ንኽእል ኢና። ክንወዛወዝን ክንሕባእን ንኽእል ኢና። ሶፍያ ኩዕሶ እግሪ ትጻወት ኣላ። ኣሚር ብቕልጡፍ ንታሕቲ ይንሳፈፍ ኣሎ። ስለምንታይ ኢነስ ይሃድም ኣሎ?
ንገረኒ፥ ዚያዳ እንታይ ክትጻወት ትፈቱ? ካብ መወሊ ህጻናት መን ይወስደካ?
ክሕዘካ'የ!
ዓቢ ድልድል!
ሸቓቕ ኣበይ ኣሎ?
ክሕግዘካ ይኽእል ድየ?
8 - 9 - 10! ይመጽእ ኣለኹ!
እዚ ዘዘናግዕ እዩ!
ክንደይ ሌዲበርድ ኣብ ኢደይ ኣለዋኒ?
ይመጽእ ኣለኹ!
ኣበይ ኣሎ ውላደይ?
ናብ ገዛይ ክኸይድ ኣይደልን እየ!
ሰላም፣ ኣደይ! ደጊመ ስለ ዝረኣኹኻ ደስ ኢሉኒ!
ኣብ ጉድጓድ ሑጻ ክንደይ ፍረ ሑጻ ኣሎ?
እታ ትራይሳይክል
8 - 9 - 10!
ምቑጻር
ዝደሊ
እታ ዓረብያ ስንኩላን
እታ ካይት
እታ ቀጠልያ ስኩተር
እቲ ኣሕምልቲ

# ንዑ ምሳና ሓደ መዓልቲ ኣሕልፉ!




Hier gibt es die Geschichte in deiner Sprache. Viel Spaß beim Lesen!

Here is the story in your language. Enjoy reading!

هنا تتوفر القصة بلغتك. نتمنى الكثير من المتعة عند القراءة!

اینجا داستان به زبان شما موجود است. از خواندن آن لذت ببرید!

Exklusive Sonderausgabe 2023 im Rahmen des Programms "Lesestart: Weil uns Lesen weiterbringt. Ein Projekt für Kinder mit Fluchterfahrung."
© 2023 Carlsen K – die Agentur für Kindermedien
Carlsen Verlag GmbH, Völckersstraße 14–20, 22765 Hamburg
Projektleitung: Meike Beurer, Sina Hahnemann
Konzept: Christine Mildner, Grafik: Anja Winteroll
Artikelnummer 61063-01

**www.carlsen.de**
**www.carlsen-k.de**

LESESTART weil uns LESEN weiterbringt
www.weilunslesenweiterbringt.de

Stiftung Lesen

GEFÖRDERT VOM
Bundesministerium für Bildung und Forschung